ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቑጽሪ 6
ሚያዝያ 2020

## ሰብ ኮቪድ-19 እንተሓሚሙ

**መብዛሕትኦም ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት ኣይፍለጦምን። ዉሱናት ግን ይሓሙን ሕክምና የድልዮምን።**

መብዛሕትኦም ብሕማም ኮቪድ-19 ዝተለኽፉ ዳርጋ ኣይፍለጦምን። ምናልባት ቅሩብ ይስዕሉን ረስኒ ይገብረሎምን። ካልኦት ብኸቢድ ክሓሙ ይኽእሉን ኣብ ስፒታል ክንክን የድልዮምን።

ሓደ ሰብ ብፎኩስ እንተሓሚሙ ጥራይ ናብ ዝምልከቶ ማእከል ጥዕና ወይ ናብ 1177 ክድዉል ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ሰብ ክሳብ ዝሓዊ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ'ዮም ዝብሉ። ሓደ ሰብ ምስ ሓወየ ቅድሚ ደገ ምውጽኡ ንክልተ መዓልቲ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ።

ሓደ ሰብ ሕክምና እንተደኣአድልይዎ መጀመርያ ክድውልን ናብ ማእከል ጥዕና ወይ ስፒታል ከኣ ከይከይድን ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ ሰብ ምናልባት ኮቪድ-19 እንተ'ለዎ ሰራሕተኛታት ጥዕና ነዚ ሰብ ብኸመይ ይከናኸንዎ ንዝምልከት ዝተወሰነ አገባባት'ዩ ዘሎ። ናብ ካልኦት ዘይምምሕልላፍ ኣገዳሲ'ዩ።

ብጽኑዕ ዝሓመመ ወይ ንምስትንፋስ ዝተሸገረ ናብ 112 ብምድዋል ብኣንቡላንስ ይውሰድ። ሰራሕተኛታት ኣምቡላንስ ናይ መከላኸሊ ልብስታት ይወድዩ። እቲ ዝሓመመ ጥራይ ከኣ ይዉሰድ።

ሕሙማት ኮቪድ-19 ዝቕበላ ስፒታላት ካልማርን ቬስተርቪክን እየን። ነንሕድሕድና ዘይክንለኻኸም ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኣብ ስፒታል ንዝደቀሰ ምብጻሕ ኣይከኣልን።

እዚ ንሰራሕተኛታት ጥዕና ናይ'ዚ ኣውራጃ ከቢድ ዕዮ'ዩ። ብዙሕ ይሰርሑን ንክኽእልዎ ከኣ ክተሓጋገዙን የድልዮም። ነዚ ንምቅላልን ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ክረምቲ ዓመታዊ ዕረፍቲ መታን ክረኽቡን ብዙሓት ነርሳትን ተሓጋገዝቲ ነርሳትን ክቑጸሩ ይድለ።

ኣቐዲሙ ኣብ ስፒታላትን መንበርታት ኮሙናትን ናይ መከላኸሊ ልብስታት ምርካብ ጸገም'ዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ይሓይሽ።

"ሎሚ ኣብ ስፒታላት ናይ ሰራሕተኛታትን ሕሙማትን መከላኸሊ ልብስታት ኣሎ" ይብል ሓላፊ ዞባዊ ኣገልግሎታት ኣብ ኣውራጃ ካልማር ማርቲን ኡልሶን። ዋላ'ውን ኣብ ቀጻሊ ብጣዕሚ ብዙሓት እንተሓመሙ ነቲ ኩነታት ንኽንክእሎ ዝያዳ ልብስታት ንምእታው ንሰርሕ ኣለና።

ኣብ'ዚ ኣዉራጃ ብዙሓት ተወሰኽቲ ክልከፉ ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ ግን ስፒታላትን ኮሙናትን ይኽእልአ'የን። ንኹሎም ሕክምና ዘድልዮም ቦታ ኣሎ።

**ሓቂ:**

ኮቪድ-19 ስም ናይ'ቲ ብኮሮና ቫይረስ ምስተለኸፍና ዝመጸና ሕማም እዩ።

Krissamverkan
Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፧እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፧ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፧ዞባ ካልማር፧ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

VÄSTERVIKS KOMMUN

facebook.com/krissamverkan.kalmar
facebook.com/vasterviskommun